# ብድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብ 01-02 ጥቅምቲ 2006 ዝተፈነወ ደጊሙ ኣብ ርእሲ ዓንቀጽ ሓዳስ ኤርትራ ብ3 ጥቅምቲ 2006 ዝወጸ ተኣምር'ዩ !

## ንተሓተት እስከ። ኣብ ቦታኡ'ዶ ኣሎ ኤርትራውነትና ?

ህዝቢ ኤርትራ። ብመዳርግቲ ኣልቦ ጽንዓቱ ሓድነቱን ተወፋይነቱን። ኣብ ታሪኽ ካልእ ህዝቢ ዘይተራእየ ምረትን መስገደልን ሰጊሩ። ህላወኡን ቀጻልነቱን ዘረጋገጸ። ናይ ብርቂታት ብርቂ ታሪኽ ዘለዎ ህዝቢ'ዩ፣ እዚ ብመስተንክር ተጋድሎ ናጽነት ዝጨበጠን ሉኣላውነት ሃገር ካብ ወረርቲ ተኸላኺሉ ዘውሓሰን ኤርትራዊ ወለዶ። ፖለቲካዊ ሓርነቱ ብቁጠባዊ ሓርነት ኣደልዲሉ። ንመጻኢቲ ወለዶታት ሰረት ስልጡንን ፍትሓውን ሕብረተሰብ ክንጽፍ። ገና ሕድሪ ተሰኪሙ ይረባረብ ኣሎ፣ መሰረት ሃገር ምንጻፍ። ኣብ ሓደ ግዜ ታሪኻዊ ዕድልን ብድሆን'ዩ፣ ነዚ መድረኻዊ ብድሆ"ዚ። ልክዕ ከም ብድሆታት ሓርነታዊ ቃልሲ ብዓወት ክንሰግሮ እንተ'ዃንና'ምበኣር። እቲ እንሕበነሉን ዘዐወተናን ክብሪ ወትሩ ኣብ ቦታኡ ምህላው ብውልቂን ብእኩብን ክንፍትን ከነረጋግጽን የድሊ፣ ሕጂ'ውን ዋሕስ ዓወትና ንሱ ጥራይ ስለዝኾነ። እናሻዕ ህላወኡ ንምርግጋጽ ነብስና ክንሓትት ግቡእ'ዩ፣ እወ ንሕተት ነብስና ! ኣውራ ኣብ ፈታኒ እዋን። ሓጺናዊ ጽንዓት ከነርኢ ብስውኣት ዝመሓልናን ክንዲ እምባ ዝኸውን ውዲታት ምስኣምን ድሕሪኣምን ዝሰገርናን ብምዃንና። ማሕላና ኣብ ምጽናዕዶ ኣለና ወይስ ንባዕልና ኣብራኽና መኺኹ ራዕድና ንምኽዋልን "መራዕድቲ" ንምርካብን ዕጥቂ ንምፍታሕን ዝዕድም ዘዳኽም ዕላላት እናነዛሕና ዘርባዕባዕ ይሓማርገና ኣሎ ? ንሕተት ነብስና ! ከምቲ ኣብ ቀውጢ እዋን በይንና ኣንጻር ኩሎም ሓያላት ኣረ ኣንጻር ክልቲኦም ልዕለ ሓያላት መኪትና ዝረታዕና። "ንጽናዕ" ኢልና ስንናዶ ነኺስና ኣለና ወይስ ስም ልዕለ ሓያል እናኸጥቀስ። "ኣንታ እዚኦም ንዘይድፈሩ ደፊሮም ከጥፉኡና'ዮም። ወይ ነቦኹን ወይ ናብ ነቦ ተጸጋዕ" ዝብል ኣብ 2000 ዝተጠፍጠፈ ጃጃዊ ሓረግ እናኳማሳዕና። "ንንበርከኽ" ንዝምር ኣለና ? ንሕተት ነብስና ! ንሳልስቲ ራብዕቲ ብዘይ እኽሊ-ማይ ከብድና ብጥልቅዑ። ሓያላት ሃገራት ንዘዕጠቕዎም "ምኾራት" በሃልቲ ጸላእትና ከምዘይስዓርና። ሎሚ ብኽልተ ኣእጋርና ረጊጽናሉ ኣብ ዘለና እዋን።

"ብርሃጽና። ምድረበዳ ናብ ገነት። ጥሜት ናብ ጽጋብ ክንቅይሮ ኢና" ኢልናዶ ብልዑል ወኒ ንንቀሳቐስ ኣለና ወይስ ሽግርና ብምጉርምራም ዝፍታሕ እናመሰለና ኣብ ቆዛሚ መስመር ነዕገርግር ኣለና ? እዋናዊ ጸገማት ከምቲ ባህልና። ብስራሕን ሞሳ ስራሕን ክንሰግሮዶ ንህቅን ኣለና ወይስ "እዚ ተሳኢኑ። እዚ ጠፊኡ" እናበልና። ነቲ ምስኣን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓይሊ ንምሃቡን ኮነ ኢልካ ንምጉህሃሩን ናይ "ዝተሳእነ ዜና" ከነበጻጽሕ ንውዕል ኣለና ? ንተሓተት። ነብስና ንሕተት ! "ሓደራ ! ንህዝቢ ብቅንዕናን ተወፋይነትን ኣገልግሉ" ኢሎም ንዝተላበውና ስውኣት። ኣብያተ ጽሕፈትና ንህዝቢ ክፉት። ኣቀባብላና ከኣ ውርዙይን ኣብነታውን ብምግባርዶ ሞሳኦም ንድርያ ኣለና ወይስ ምእንቲ ፍትሒ ደቆም ንዝኸፈሉ ዜጋታት ብብድዐ። "ሎሚ ጽባሕ" እናመላለስና ብምክልባት ነሕዝኖም ኣለና ? ንህዝቢ ኣገልግሎት ክንህበሉ ዝተረከብናዮ ኣብያተ ጽሕፈት። ምስ ዓማዊልና ልቢ ብዘረስርስ መንፈስ ንበሃሃልን ፍታሓት ኣብ ምንዳይ ንደጋገፍንዶ ወይስ ልቢ ብዝደፍን ትዕኑን ብድዐ። ህዝቢ ነሰናብድ። ኣፍንጫና ናብ ከዋኽብቲ ኣንቃዕሪርና ህዝቢ መሬት ከምዝጽልምቶ ንገብር ኣለና ? "ዝኸርና ብስራሕ" እናተባሀለ። መንግስቲ ንዝሃበና ስራሕ መዕደዪ ሞሳ ሰማእታትና ንገብሮዶ ኣለና ወይስ መኻዕበቲ ረብሓና። መጉባዕብን መጀሃርን ጌርና። ሰዓታት ስራሕ ነቃጽል። ብዋጋን ዕድልን ህዝቢ ንጻወት ኣለና ? ንተሓተት። ነብስና ንሕተት ! ስውኣት ዘሰከሙና ካብ ዝኾነ ዓይነት ብልሽውን ናጻ ናይ ምዃን ሕድሪ ነጽንዕዶ ኣለና ወይስ ብጉምብሕ ጉምብሕ ኣብ ዝግበር ስርቅን ብልሽውናን ንቆማጣዕን ነንቀላውጥን ኣለና ? "ምግዳልና ክብረት። ናጽነት ድማ ሞሳና'ዩ" ኢልናዶ ሓበን ይስምዓና ወይስ ከምቶም ሰነፉት። "ግዜና ብገድሊ በሊዕናዮ። ምሳና ዝነበሩ ሰብ ማል ሰብ ንዋይ ኮይኖም" ኢልና። ነቲ ክቡር ምግዳል ምስቲ ዘይመላዕልቱ ረሳሕ ንዋይ እናነጻጸርና። "ብምግዳሎም ዝጥዓሱ" ንኸውን ኣለና ? ናይ ሓላፍነት ቦታና ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ። ንኹሉ ግቡኡ ዘማልአ ኤርትራዊ ዜጋ ብዘይ ሌላን ጉሌላንዶ ንምእዘዞ ኣለና። ወይስ ኣብ ጥስጡስ ትሕተ-ሃገራዊ ደረጃታት ወሪድና ብሰበይ ሰብካ። ወዲ ዓደይ ዓድኻ ዝብል ኣፈላላይ ንሰርሕ ኣለና ? ነብስና ንሕተት ! ኣብ ወጻኢ እንነብርከ ! ደቂ'ቶም ስሌና ዝተበጀው ሰማእታት ኣብ ምጥዋር ንዋሳእዶ ኣለና ወይስ "ክልተ ካብ ሚእቶም ሂብና ንካረጅ" ብምባል። "ዓድና ምእታው መን ከይከልኣና" እናበልና። ቃልሲ ገድሊን ድሕሪ ገድሊን። ንውሱናት "ዕጫኦም ዝተረትዐ" ጥራይ ከምዝምልከት ጌርና ብምዝይያድ ክንነብር ንህቅን ኣለና ? ንተሓተት። ነብስና ንሕተት ! ነቲ ዘጋደለና

ክብሪ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን። ከም ፍቱን መዐረዪ ወሲድናዶ ንቕጽሎ ኣለና። ወይስ ጉድለት ንዝሓበረ "ኣብኣ ከሎ ሳሕል'ዩ ዘሎ" እናበልና። ጉድለታት ኣግሂዱ ንዝሕብር። ተመሊሱ ግዳይ ከምዝኸውን። ብዝርኣን ዘይርኣን ብልሓት ከምዝድቆስ። "ካልኣይ ግዜ ከምዘይደግም ጌረ ከሰንብዶ" ብዝብል ቃጻ ሰባት ነሕርር ኣለና ? ብኣንጻሩ። ነቶም ጉድለት እናረኣዩ "ኣያይ ወርቂ ሰዓቱ" ዝዝምሩልና። "ሃብሮም እንኮስ ኣይትንቀፈኒ'ምበር። ኣነ ከኣ ዝጕንዓካ ኣለኒ" እናበልና ከባቢና ብዘይነቕፉ ርሙሳት እናዕለቕለቕና። ነቶም ቅኑዓት ነቐፍቲ ድማ "ጨቕጫቓ'ዩ፤ ምስ ሰብ ኣይሰማማዕን'ዩ" እናበልና ንጓንዮም ኣለና ወይስ ኣብታ ናይ ቀደም መስመር ምትእርራም ኣለና ? ንተሓተት። ነብስና ንሕተት ! ነቶም ምሉእ ዕድመኦም። ቅድምን ድሕሪን ናጽነት ቅንጣብ ዘይሰርሑ። ሃገር ጽቡቕ ክትስጕም እንከላ መዓንጣኦም ዝሓሩ። ነታ ዘይምግዳሎም ክጉልብቡ። "ገድሊ'ኮ ኣብ ኩሉ'ዩ ነይሩ፤ ገድሊ ዝተፈላለየ ኣገባብ'ዩ፣" ዝብሉ ጨለታት። ንዝሰርሑ ዘነኣእሱ ዋላ ሓንቲ ንዘይሰርሑ። ነቲ ዘለና ናይ ምትሕስሳብን ምግምጋምን ጉድለት መዝሚዞም ብመልሓሶም ዝነብሩ። "እገለ ዝብሃል ሓላፊ። እገሊት እትብሃል ህብብቲ ፈሊጥና" እናበሉ። ብስም ህቡባት ክነብሩ ዝፍትኑ ወስለትቲ ነስተብህለሎምዶ ኣለና ? ገምጋምና ኣብ ሰባት ውድዓዊዶ ኣሎ ወይስ "እገለ ናይ እገለ ስለዝኾነ። ነዚ እንተገምጊመ ንእገለ ክሽስር'የ" ዝብል ሰንኰፍ'ዩ ዘሎ ? ንተሓተት ነብስና ንሕተት ! ነቶም ንኣሽቱ ጉድለት እናገበሩ ዓበይቲ ዓወታት ዘበርከቱ። ብዓቢኡ ድማ ለይቲን መዓልቲን ኣብ ስራሕ ዘለው ሰባት። ኣብ ናቶም ጻዕሪ እናመላእና ናይ ሓባር ዓወትና ከነዛይድ'ዶ ንሰርሕ ኣለን ወይስ ንባዕልና ቅንጣብ ንሃገር ኣብ ዘይጠቅም ውስልትና ተጸሚድና። ኣብ ምብጽጻሕ ዘረባ። ምጥቓስ ሰባት። ምፍጣር ጉጅለታት.. ተጸሚድና። ነቶም ዝሰርሑ እናቆናጸብና። ኮነ ኢልና ንምልማሶም ናይ ቤላ ቤለው ዘረባታትን ጸለመታትን ክንነዝሕ ንውዕል ኣለና ? እቶም ንባዕሎም ዘይሰርሑን ሃገር እትሓቶ ዘይገብሩን። ግን ከኣ ባዕሎም ንነብሶም ከም ዓደልቲ ባጀላ "ሃገራውነት"። ዓደልቲ ባጀላ "እምነት"። ዓደልቲ ባጀላ "ገምጋም ብቕዓት" ዝወስዱዋ። ኣብ ምህናጽ ሃገር ይኹን ምምጻእ ሃገር ዘይሳተፉ በለጸኛታት ነስተብህለሎምዶ ኣለና ? ንተሓተት። ነብስና ንሕተት ! ካብ ዕውር ህርፋን ስልጣን ርሒቕና በታ ዘለናያ ደረጃ ንህዝቢን ሃገርን ንምግልጋልዶ ተወፊና ንሰርሕ ኣለና። ወይስ ኣብ ሕማም ሓላፍነት ተሸሚምና። መሳልል ሓላፍነት ከነቋምት ካብ ስራሕ ንሃድም ኣለና ? ይዕበ ይንኣስ ስልጣን ዝሓዝና ሰባትከ። ስልጣንና ብቕኑዕ ሕልና እናተጠቐምና ኣብ ከባቢና ንዘለው ብሩህ መጻኢ ከምዝረኣዩም ኣብ ምግባርዶ ንሰርሕ ወይስ ንዘይሰግዱልና ሰባት "ክርእይካ'የ" እናበልና ነደንቁሮምን "ጌጋታት ክረኽበላ" እናበልና ንምትንኻል ኣድቢና ንውዕልን ኣለና ? ንተሓተት። ነብስና ንሕተት ! ኩላትና ብሓባር። ሰራሕተኛታት መንግስቲ። ብሕታዊ ትካላት። ሓረስታይ። ሸቃላይ። ተጋዳላይ። ሃገራዊ ኣገልግሎት። ነጋዳይ። ኣፍራያይ። ሓላፊ። ተራ። ጋዜጣኛ። ስነጥበበኛ። መምህር። ተማሃራይ። ወላዲ። ዉሉድ። ኣብ ውሽጢ ዝነብር ኣብ ወጻኢ ... ኩላትና። ንሕተት...ንነብስና ንሕተት'ወ ... ኣስሓኮ ንግበር ! ሓዳስ ኤርትራ ! ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ! *ኣቶ ተስፋማሪያም ሓጎስ ካብ'ዚ ይብገስ ኣሎ.....!!!*

## <u>እቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየ መስፈሪ ንጉዳያቱ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ !</u>

ብተስፋማርያም ሓጎስ፡ ኣባል ህግደፍ ኣብ ጀርመን !

ህዝቢ ኤርትራ ነዛ ሎሚ ንመበል ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዘስተማቕራ ዘሎ ነጻነት ክረኽባ ዝኸኣለ ንሰላሳ ዓመታት መመላእታ ክስገር ዘይክእል መስገደል ክጽወር ዘይክእል ሕሰምን መከራን ተጻዊሩ ብትብዓትን ቆራጽነትን እሞ በይኑ ኣንጻር ሸሾ ጸላእቱን ሸሾ ዓንገልቶምን ስኑ ነኺሱ ተሰፉ ሰኒቑ ስለ ዝተቓለሰ እዩ። ይኹን እምበር ጸላእትናን ዓንገልቶምን ነጻነትና ስለ ዘይተዋሕጠሎም ካብ ኢድና መንዚዓም ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ምድረ ገጽ ክጥፍኡና ወይ ከኣ ናይ ዘለኣለም ባራዩ ክገብሩና ዘይወልዕዎ ኩናት ዘይፈሓስዎ ሽርሒ ኣይነበረን። እንተኾነ እቲ ነቕ ዘይብል ሓድነትናን ክምህ ዘይብል ጽንዓትናን ስድሪ ውን ትኹን ፍሕት ከብሎም ኣይከኣለን። ዓለም ንመንገዲ ሓቂ ገዲፋ ጓዕጻጽ መንገዲ ብምሓዝ ነቲ ብኩናት ከተምበርክኾን ክትስዕሮን ዘይከኣለት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ በታ ተድክሞ እያ ዝበለታ መንገዲ ንምድኻም ላዕልን ታሕትን ካብ ምባል ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ'ውን ትኹን ኣየዕረፈትን። ብወያነ ዝተወልዔ ኣዕናዊ ኩናት ኣብቂዑ እቲ ጉዳይ ናብ ናይ ዓለም ቤት ፍርዲ ሓሊፉ ፍርዲ ካብ ዝወሃብ እነሆ ኣርባዕተ ዓመት ሓሊፉ። ዕላማ ናይ ዓለም ግን ብዛዕባ እቲ ዶብ ስለ ዘይኮነ እነሆ ዓቢ ጦሞ ይርከቡ። ንዓና ንኤርትራውያን እቲ ነገር ግሁድ እዩ፡ ንምጥፋእናን ፋሕ ብትን ንምባልናን ከም ዝዓለሙ ኣዳዕዲዕና ንፈልጦ ኢና።ኣብ መንጎና ኣትዮም ነቲ ዓንዲ ሕቖ ሃገር ዝኾነ መንእሰይ ዓዱ ገዲፉ ንባዕዲ ሃገር ከም ዝስደድ ምግባር፡ መንእሰይ ኣብ ግምባር ኩናት ንዓመታት ከም ዝሹደም ጌርካ ቍጠባ ናይታ ሃገር ትሕቲ መሬት

ከም ዝኣቱ ጌርካ ህዝቢ ከምዝሓስሞን ምስ መንግስቲ ከም ዝበኣስን ምግባር እሞ ብኡ ኣቢልካ ብቐሊሉ ነታ ሃገር ምጥፋእ ዝብል እዩ። ባህግን ሕልምን ናይ ጸላእትና እዚ ካብ ኮነ፡ እሞ ኣቐዲምና ካብ ፈለጥናዮ ንምንታይ ብትብዓትን ጽንዓትን መኪትና ዘይነፍሸሎ ! ንሕና እቶም ትማል ንሰላሳ ዓመታት ኣንጻር ሽሾ ጸላእትናን ዓንገልቶም ክልተ ርእሰ ሓያላን በይንና ብዘይ ናይ ማንም ደገፍ ብጽንዓት ዝተቓለስና ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈልና ኣብ ዓለምና ተራእዩ ዘይፈልጥ ቅያ ጅግንነት ዝሰራሓን ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲንና ዝወጻእና ደይኮናን ! ንሕና እቶም ንሞት ነታ ጨካን ሞት ብጻይ ንስኻ ጽናሕ ኣነ ክስዋእ እናበልና ንቀዳደም ዝነበርና ህ.ግ. ደይኮንናን ! ንሕና መሬት ብሰማይ ሓዊ ብመሬት ሓዊ ቃልቃል ክትብል እንከላ ጎሮሮ ብትኪ ባሩት ነቒጸ ጥብ ትብል ማይ ተሳኢና፡ ከብዲ ሓነኽ ትኸውን ርፍራፍ እንጌራ ስኢና ተጠልቂዓ እንከላ ኣብ ማእከል ሓዊ ኮይና ኣጆኹም ኣጆና ዓወትና ናይ ግድን እዩ እናበልና ንቃለስ ዝነበርና ደይኮናን ! እቲ ሓልዮት እቲ ፍቕሪ ኣብ በረኻ ዲና ደርቢናዮ መጺእና ! ዘይንፈልጦ ሓድሽ ብልሓት ዝዓጠቐ ጸላኢዶ መጺኡና እዩ ! ኣብዛ ሃገር ካብ ደገ ዝመጹ ኣዘዝትን ኣማሓደርትንዶ መጺኣሙና እዮም ! ንሕና ባዕልና ንባዕልናዶ ኣይኮናን ! ንሕና እቶም መስተንክር ቅያ ሰሪሕና ነጻነት ሒዝና ዝመጻእና ደይኮንናን ! ሎሚ ንዓና እቶም ንሰላሳ ዓመታት ዘድመዩናን ዘቍሰሉናን ኣብ ማእከልና ሰሊኾም ብምእታው ዕላምኦም ከተግብሩ ክትርኢ. ሓደ ሞት ዘይኮነስ ዓሰርተ ሞት ደይኮነን ንዓና ንኤርትራውያን !!

ኣብ ጉዕዞ ህይወት ገለ ውሑዳት ናይ ብልሽውና ባህርያት ክርእዩ ንቡር እዩ፡ ከምኡ'ውን ገለ ውሑዳት ስሉዓት ንህዝቢ ዘይመዝመዙን ኣብ ጁባ ድኻ ዘላ ሳንቲም ክወስዱ ብዘይምኽኣሎም ከዕዘምዝሙ ባህርያዊ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ካልኣኣት ኣህዛብ ፍሉይን መስተውዓልን ካብ ዘብልዎ ሓደ ኣብ ልዕሊ ካልኣት ህዝብታት ኲናት ኣዊጁ ብዘይምፍላጡ እዩ። ጭፍራ ወያን ኣብ ልዕሌና ኲናት ምእዋጁ ፡ ኣብ ኣይሰላም ኣይኲናት ሃዋሁው ምህላው ንመነባብሮ ህዝቢ ክብን ለጠቕን ከብሎን ናህሪ ዋጋታት ክንህርን ባህርያዊ እዩ። ነዚ ኣይኮነንዶ ንሕና ናይ ሰላሳ ዓመታት ኲናት ዘዳቐቐናን ገና ሀ ኢልና ንስጉም ዘሎና፡ እቶም ናይ ዓለም ሃብታማት ኢና ዝብሉ ንከምዚ ዓይነት ኩነታት ክጻወርዎ ኣይክእሉን እዮም። ንሕና ኤርትራውያን ናብራ ክቢሩ ኢልና ክንማርር ዘይኮነስ ከም ኣብ ግዜ ቃልሲ ኢድን ጓንትን ኮይንና ክንምክቶ እዩ ዘሎና። ኣብዚ ክንማርር ክደፋፍኡና ዝኽእሉ፡ ገለን ዝርካባ ደቃ በጃ ሃገር ከፊላ ብጥሜት ተዓጺፋ ሕሰም ዝመልአ መነባብሮ ክተሕልፍ ከላ ገለ ከኣ ብገንዘብ ዓቕላ ጸቢብዋ ኣብ ሳልስቲ ሳልስቲ ደዓኛ ክትሓርድ፡ ገለ ንዓመታት ኣብ ቃልሲ ክርተት ኢላ ኣትያ ክርፋሕ ናብራ ክተሕልፍ እንከላ ገሊኣ ከኣ ኣብ ኣዝዩ ሉክሰስ ዝመልአ ቪላ ክትቅመጥን ብላንድክሩሰራት ክትዋናጨፍን እንተደኣ ኮይና፡ ገለ ዝተዋህባ ህዝባዊ ሓላፍነት ንመሃደድን መዓንደርን ምልከታ ክተርእየሉን እንተደኣ ተራእያ፡ ገለ ነቲ ጀጋኑ በጃ እናሓለፉሎም ነጻነት ምርኣዮም ከም ፍሉይ ተኣምር ቆጺሮም ደርጋውያን ዘይፈጸምዎ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘካይዱ እንተደኣ ሃልዮም፡ ህዝቢ ሰኣን ፍርዲ ክሳቐን ኣደዳ ጉቦን ብልሽውናን ምስ ዝኸውን፡ ኣብያተ ማእሰርቲ ካብ መጠን ንላዕሊ ምስ ዝበዝሑን ብእሱራት ምስ ዘዕለቕልቑን፡ ኣብ ክንዲ ማዕዳን ምህሮን ሓደ ሰሙን ከእስር ብዘይክእል ቀንጠመንጢ ሰብ ንዓመታት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ብዘይ ፍትሒ ምስ ዝዳጎን፡....ወዘተ ክተማርር ትኽእል ኢኻ። እቲ መረረ ብመን ኣዩ ብውልቀ ሰባትዶ ወይስ መላእ ሓፋሽ ህዝቢ፡ መላእ ሓፋሽ ኣንተ ኣማሪሩን ዋይ ደቀይ ነዚ ድዮም ተሰዊኦም ነዚ ድዮም ኣብ ፈቐዶ ሩባን ኩርባን በጃ ሃገር ትሕቲ መሬት ሰፊሮም ኢሉ ኤህ ክብል እንተውኢሉ ኣብ ጌጋ መንገዲ ኣሎና ማለት እዩ።

ህላዌናን ቀጻልነትናን ከኣ ኣብቂዑ ማለት እዩ። እቲ ምንታይ ልዕሊ ህዝቢ ሓቀኛ መስፈሪ የለን። ህ.ግ. ካብ ሓፋሽ ቦቑላ ኣብ ሓፋሽ ስለ ዝሰረተት እያ ናይ ጎባልል ጎብለል ኮይና ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ቅያ ዝፈጸመት። ናይ ሎሚ ህ.ግ. እታ ናይ ትማል ህ.ግ. ዶ ኣይኮነትን እያ ! ካብ ሓፋሽ ዝተነጸለ ወይ ብሓፋሽ ዝተኻዕበ ውድብን ካብ ማይ ዝወጸ ዓሳን ሓደ እዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ንነጻ ሃገሮም ገዲፎም ንባዕዲ ሃገር ይስደዱ ኣለዉ፡ ስደት ክበሃል እንከሎ ስደት ጥራይ ኣይኮነን ህልቂት ምባሉ ይቐልል እቲ ምንታይሲ ኣማኢት መንእሰያት መዓልታዊ ካብ ሊብያ ንማእከላይ ባሕሪ ሰንጢቖም ንዓዲ ጥልያን ክኣትዉ ይጥሕሉ ኣለዉ። ኣብ መላእ ኤርትራ ወሰን ማይ ቤት መርድእ ዋይ ጓለይ ዋይ ወደይ ኢኻ እትሰምዕ። ከምዚ ኢሉኸ ክሳብ መዓስ ! ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ኣብ ደገ ዘለዉ ገንዘብ እንተዘይ ሰድሎም ኣይምውጹን ክብሉ ነቶም ኣብ ደገ ዘሎና የማርሩ፡ ኣብ ደገ ዘሎ ነቶም መጋበርያ ወያነ ዝኾኑ ዕሱባት ገዲፍካ ከምኡ ዝብል ኤርትራዊ የሎን፡ ሊብያ ኣትየ ኣለኹ ትገብር ግበረኒ እንተ ኢልዎ ግን ፈትዩ ኣይፈትዩ ክገብረሉ ይግደድ። ስለዚ እቲ ጠንቂ ምኹብላል መንእሰያት ኣብ ውሽጢ ሃገር እዩ። ካብ ኩሉ ኾርንዓት ሃገር መንእሰያት ብኣሽሓት ካብ ኮብለሉ እንታይ እዩ እቲ ጠንቂ ! እዚ መንኣሰይ እዚ እኮ

እቲ ትማል ሃገር ብወያነ ተወሪራ ምስ ተባህለ በዓል በትሪ በትሩ ኣልኢሉ በዓል ፋሽ ፋሹ በዓል ጎራዴ ጎራዴኡ ሒዙ ብዘይ ነጋሪት ከቲቱ መኪቱ ሃገር ዘድሓነ ዓንዲ ሕቆ ሃገር እዩ። ሎሚ ብኸመይ ተኣምር ነታ ኣያታቱ ክብርቲ ህይወቶም ከፊሎም ዘረክብዎ ሕድሪ ኤርትራ እሞ ከም ሕድሩ ህይወቱ ከፊሉ ሃገር ዘድሓነ መንእሰይ ሃገሩ ገዲፉ ናብ ስደትን መከራን ይኸይድ ! እዞም ሕጂ ንኸስሮም ዘሎና መንእሰያት ንምትክኦም ሰላሳ ዓመታት ከም ዝወስደልና ይርዳኣና ዘሎ ! ሕማም ክትፍውስ ጠንቂ ሕማም ምፍላጥ የድሊ፡ ንመንእሰያት ሽግሮም ወይ ጠንቂ መህደሚኦምን መኾብለሊኦምን ኣብ ክንዲ ምምርማርን መፍትሒ ምንዳይን ኢሂባ ዶላር ተራእይዎም ኢሂባ ከዳዓት እናበልካ ዘይስሞም ምሃብ ፍታሕ ስለ ዘየምጽእ ዝሓይሽ መንገዲ ምንዳይ ዝሓሸ ኮይኑ ይስምዓኒ። መንእሰያት ክሹብልሉ ፈቲኖም ምስ ዝተሓዙ፡ ወይ ውን ተጣዕሶም ንዓዶም ምስ ዝምለሱን ምለሱ ምስ ዝደልዩን፡ ምቕጥቃጥን ምህራምን ኣብ ማእሰርቲ ምድጓንን መሊሱ የሰምብዶምን ተኾርሚኻ ሞት ኣሳፊሕካ ሞት ኩሉ ሞት ኢሎም መሊሶም ክሹብልሉ ይደፋፍኦም። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ቀስ ኢልካ ምሂርካ ምዒድካ ዋላ'ውን ንሽግሮም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከምኡ'ውን ናይ ሹድሽተ ወርሒ ዕረፍቲ ሂብካ ናብ ስድርኦም ከም ዝኸዱ ጌርካ ነቲ ጠንቂ ክትፈልጦን ክትኣልዮን መንእሰያት ድማ ኣብ መንግስቶምን ህዝቦምን ዘለዎም እምነት ፍቕርን ዝያዳ ከም ዝሹላዕ ምግበር እብል። ንህሰ ንበታተን ኣለና፡ ሕጂ'ውን መንግስትና ነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ መንእሰያት ንምዕቃብን ነቶም ኣብ ሱዳንን ሊብያን ንሞት ኣማዕድዮም ዝርእይዋን ዝጽበይዋን ዘለዉ መንእሰያት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከነድሕኖም እንተንፍትን ዝሓሸ ኮይኑ ይስምዓኒ፡ እዚ ማለት ናይ ምሕረት ጻውዒት እንተዝገብረሎም ንሽግራቶም ተረዲኡ ከኣ ብቑዕ ናይ ተሃድሶ ትምህርቲ ሂቡ ተኸናኺኑ ዋላ ንሓደ ዓመት ዕረፍቲ ሂቡ እንተዝቕበሎም ንዓዶም ምተመልሱ። መንግስቲ ብዓቢኡ ነቲ ጥንቂ ንምፍላጥን ንምፍዋስን እንተዝፍትሽን እንተዝኣልን ዝሓሸ ኣማራጺ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !
ብተስፋማርያም ሓጎስ ! ኣባል ህግደፍ ኣብ ጀርመን !

"ኣቶ ተስፋማሪያም ሓጎስ ተጋዳላይ ኣይነበረን ሓደ ካብ ውፉያት ሓፋሽ ውድባት ህ.ግ ኮይኑ ንመዋእል ዝተቃለሰ እሙን ናይ ህግደፍ ጻሓፊይ ኣብ ብድሆን ኣለናልክን ብዘይ ዕርፍቲ ካብ ዝጽሕፉ ሓደ'ውን'ዩ: ሎሚ ንኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ግፍዕታትን ሕጊ ኣልቦን: ዕላማ ህ.ግ ኣይኮነን ብዝብል ክጻወሮ ከምዘይክእል ምሕባሩ ንቡዙሓት ህግደፋውያን ዘሳሓሕብ ካብ ኣለናልኪ.ካም ዝተወሰደ'ዩ"! ገና ብዙሓት ክዛረቡ'ዮም: ሓለንግን መግዛእትን ህግደፍ ንኩሉ'ያ ! ካብ ተዓዛቢ !!